# ኣብ ትሕቲ ሕጊ ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና ናይ 1983 ከለኹም ናይ ቀረባ ቤተሰብኩም

(ክፍሊ 26-30 ሕጊ ኣእምሮኣዊ ጥዕና 1983)

## መእተዊ

### እዚ ወረቀት ብዛዕባ እንታይ እዩ?

እዚ ወረቀት ብዛዕባ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና እናሃለኹም ዘሎ ናይ "ቀረባ ቤተሰብኩም" እዩ።

ኣብ ሰለስተ ዝተኸፈለ እዩ፡

- 1ይ ክፋል ስለ ንቀረባ ቤተሰብኩም ዝምልከት ሕጊ እዩ።
- 2ይ ክፋል ኣብ ትሕቲ ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና እናሃለኹም፣ ናይ ቀረባ ቤተሰብኩም ክገብርዎ ዝኽእሉ ዝገልፅ እዩ (መሰሎም)።
- 3ይ ክፋል ናይታ ሃገር ሕጊ ከመይ ጌሩ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክቅይረልኩም ወይ ከዓ እንድሕር ናይ ቀረባ ዘመድ ዘይሃልይኩም ከዳልወልኩም ዝገልፅ እዩ።

## 1ይ ክፋል፡ ናይ ቀረባ ዘመድ

### በዝማደይ ሕጊ ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ኣብ ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና ሕጊ እዞም ዝስዕቡ ከም ቤተሰብ ይቁፀሩ፡

- ሰብኣይክን፣ ሰበይኹም ወይ ሲቪል ብፃይ፡
- ልዕሊ 6 ወርሒ ከም ሰብኣይክን፣ሰበይትኹም ወይ ካሊእ መፃምዲ ኮይኑ ምሳኹም ዝነበረ።
- ወድኹም ወይ ጓልኩም፡
- ኣቦ ወይ ኣደ
- ሓውኩም ወይ ሓፍትኹም
- ኣቦ ሓጎ ወይ ኣደ ሓጎ
- ወዲ ወድኹም፣ወዲ ጓልኩም፣ጓል ወድኹም፣ ጓል ጓልኩም
- ሓፍቲ ወይ ሃው ናይ ኣዶ ወይ ኣቦ
- ጓል/ወዲ ኣኮኹም፣ ጓል/ወዲ ሓውቦኹም፣ ጓል/ወዲ ኣሞኹም፣ ጓል/ወዲ ሓትነኹም፡
- ካልእ ንልዕሊ 5 ዓመት ምሳኹም ሓቢርኩም ዝነበረ።

ክትውለዱ ከለኹም ኣዴኹምን ኣቦኹምን ዘይተመራዓዉ እንተ ነይሮም ኣቦኹም(ከምኡውን ኣዝማዱ) ኣብዚ ዝርዝር እዚ ኽጠቓለል ዝኽእል ኣብ ትሕቲ ሕጊ ናይ ቆልዑ 1989 ናይ ወለዲ ሓላፍነት እንተ ረኺቡ ጥራሕ እዩ።

ኣብዚ ዝርዝር እቶም ዘዕበዩ ኣዝማድ (ንኣብነት ዘዕበኹምዎም ወላዲ ወይ ውሉድ) ተጠቓሊሎም ኣለው። ናይ መውስቦ ዘመድ (ንኣብነት ሰበይቲ ኣቦ፣ ሰብኣይ ኣዶ፣ በቦ ወይ በደ ጥራሕ ሓው)

## ናይ ቀረባ ዘመደይ መን እዩ?

ናይ ቀረባ ዘመድ ማለት ኣብቲ ናይ ዝምድና ዝርዝር እቲ ዝለዓለ ደረጃ ዘለዎ ማለትእዩ።  ንኣብነት እንድሕር ደኣ ተመርዕዮም ኮይኖም እቲ ናይ ቀረባ ዘመድ ሰበይቲ ወይ ሰብኣይ ይኾን ኣሎ፣ ቀፂሉ ጓልኩም ወይ ወድኹም። እንድሕር ኣዝማድ ጥራሕ ኣልየምኹም ናይ ቀረባ ዘመድ ኣደ ትኾን፣ ቀፂሉ ኣሕዋት።

ብዙሓት ኣዝማድ ሓደ ዓይነት ቅርበት ዘለዎም እንተልዮም እቲ ብምሉእ እትመሳሰልዎ መጀመርያ ይመፅእ፣ ቀፂሉ እቲ ብፍርቂ ዘመድ ይመፅእ። ንኣብነት፦ ሓውን ሓፍትን እንተልይኩም፣ መጀመርያ ሓው ይቅድም፣ ቀፂሉ ሓፍቲ።

ሓደ ዓይነት እንተ ኮይኑ ከዓ እቲ ዝዓበየ መጀመርያ ይመፅእ። ንኣብነት እቲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ሓደ ካብ ቆልዑትኩም እንተኾይን እቲ ዓብይ መጀመርያ ይመፅእ።

ይኹን እንበር፣ መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ሓደ ዘመድ ትነብሩ ወይ ይከናኸነኩም እንተደኣ ኔሩ፣ እቲ ሰብ ንቅድሚት ይመፅእ እሞ ናይ ቀረባ ዘመድ ይኸውን። ኣብ ሆስፒታል እንተ ሃሊኹም እዚ ነቶም ናብ ሆስፒታል ቅድሚ ምእታውኩም ምሳኹም ዝነበሩ ወይ ዝከናኸኑኹም ሰባት ዘጠቓልል እዩ። ካብ ሓደ ሰብ ንላዕሊ እንተ ኣልዩ እቲ ኣብዚ ዝርዝር ዝለዓለ ዘመድኩም ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኣዝማድኩም ኣቦን ክልተ ኣሓትን ጥራይ እንተ ኾይኖም ምስ ክልተ ኣሓትዋትኩም እንድሕር ትነብሩ ኮይንኹም ልዕሊ ኣቦ ኣሕዋት ይመጹ፤ ካብተን ክልተ ኣሓትካ ኸኣ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ቀረባ ዘመድ እታ ዓባይ ትኾን።

ነዚ ሕጊ ፍሉይ ኩነታት ኣለውዎ፡

- ብሓደ ስለ እነትብሩ ጥራሕ ኣብ ዝርዝር ናይ ኣዝማድ ክምዝገብ ኣይኽእልን፤ ኣብ ክንዳኡ ናይ ቀረባ ዘመድ ክኸውን ዝኽእል ሰብኣይ ሰበይቲ ወይ ሲቪላዊ ብጻይ እንተ ኣልዩ ናይ ቀረባ ዘመድ ክኸውን ኣይኽእልን እዩ።

- ንሓዋሩ እንተ ተፈላሊኹምን እንተ ተጣሊምኩምን ሰብኣይ ሰበይት ወይ ሲቪላዊ ብጻይ ናይ ቀረባ ዘመድ ክኸውን ኣይኽእልን እዩ፣

- ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ ሰብ ሰብኣይክን፣ ሰበይትኹም ወይ ሲቪላዊ ብጻይ እንተ ዘይኰይኑ ናይ ቀረባ ዘመድ ክኸውን ኣይኽእልን እዩ።

- ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝነብር ሰብ እንተኾይኑ፣ ንስኹም እውእ ካብ ወጻኢ ሃገር ትነብሩ እንተዘይ ኮይንኹም ናይ ቀረባ ዘመድ ክኸውን ኣይኽእልን። “ኣብ ወጻኢ” ማለት ካብ እንግሊዝ ወጻኢ ማለት እዩ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ጉዳይ፣ እቲ ቀጺሉ ዘሎ ዘመድ ናይ ቀረባ ዘመድ ይኾን ኣሎ።

## ትሕት 18 ዓመት እንተኾይነ ዝተፈለየ ሕጊ ኣሎ ዶ?

ንመብዛሕቲኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ሰባት እቲ ሕጊ ሓደ ዓይነት እዩ። ይኹን እንበር ዝተወሰኑ ፍሉይ ኩነታት ኣለው፣

ቤት ፍርዲ ኣብ ትሕቲ ሓልዮት ናይቲ ከባቢ ምምሕዳር ዘእትወኩም ናይ ክንክን ትእዛዝ እንተሂቡ፣ እቲ ናይቲ ከባቢ ምምሕዳር ናይ ቀረባ ዘመድኩም ይኸውን (ሰብኣይ፣ በዓልቲ ቤት ወይ ሲቪላዊ መጻምድቲ እንተዘይሃልዩኩም ኣብ ክንድኡ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን ይኽእል እዩ)።

ሓደ ሰብ ሕጋዊ ሓላዊኹም እንተኾይኑ፣ እቲ ሰብ (ወይ ኩሎም እቶም ሰባት፣ ካብ ሓደ ንላዕሊ እንተሃልዮም) ንቡር ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን እዩ። እዚ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ኣብ ዘለኹምሉ ግዘ ዘሎ ሓላዊኹም ዘጠቓልል ኣይኩነን።

ሓደ ቤት ፍርዲ ምስ መን ክትነብር ከም ዘለኩም ናይ መንበሪ ትእዛዝ እንተሂቡ፣ እቲ ሰብ (ወይ ኩሎም እቶም ሰባት፣ ካብ ሓደ ንላዕሊ እንተሃልዮም) ንቡር ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን እዩ።

## ናይ ቀረባ ዘመድ ክቕየር ይኽእል ዶ?

እቲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም መን ምዃኑ ዝገልጽ ሕጊ ማለት ሓድሓደ ግዜ እቲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ዝኾነ ይኹን ነገር ከይገበረ ክቕየር ከም ዝኽእል ዝሕብር እዩ። ንኣብነት፣ እንተ ተመርዒኹም ሰብኣይክን ወይ ሰበይትኽን ንቡር ናይ ቀረባ ዘመድኩም ይኾኑ።

እቲ ናይታ ሃገር ሕጊ ነቲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክቕይረልኩም ይኽእል እዩ። እንድሕር ዘይብልኩም ኮይኑ ዝኾነ ሰብ ናይ ቀረባ ቤተሰብኩም ክገብሮ ይኽእል እዩ።  እዚ ኣብ ሳልሳይ ክፋል እዚ ወረቐት ተብራህሪሁ ኣሎ።

## 2ይ ክፋል፦ ናይ ቀረባ ዘመድኩም መሰል

ሕጊ ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና ከምዝብሎ፣ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ብዛዕባ ክንክንኩምን ሕክምናኹምን ብዝምልከት ዝተፈላለየ ነገራት ክገብሩ ይኽእሉ እዮም ይብል። ካልኦት ሰባት እውን ብዛዕባ ክንክንኩምን ሕክምናኹምን ብዝምልከት ንናይ ቀረባ ቤተሰብኩም ክነግርዎም ይኽእሉ እዮም እውን ይብል። እዘም ነገራት እዚኦም ናይ ቀረባ ቤተሰብ “መሰል” ይበሃሉ።

## ንኽትእገዱ ወይ ከዓ ሓለዋ ንኽግበረልኩም ምሕታት።

ናይ ስነ ኣእምሮ ጸገም እንተልዩኩም፣ ናይ ቀረባ ቤተሰብኩም ናብ ሆስፒታል ክትከዱ ኣለኩም ኢሎም እንድሕር ሓሲቦም ንስኹም ግን እንተዘይተስማዕሚዕኹም ኣብ ውሽጢ ሆስፒታል ንኽትእገዱ (ክትፀንሑ) ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ከዓ ንኽትእገዱ መመልከቲ ምቕራብ ይበሃል።

መመልከቲ ንምቕራብ፣ ናይ ቀረባ ቤተሰብኩም ቅጥዒ መሊኦም ናብ ሆስፒታል ክእትዉ ኣለዎም። ክልተ ዶካትር እገዳ ንኽግበረልኩም ክስማዕመዑ ኣለዎም(ህፁፅ እንኾይኑ ሓደ ዶክተር)።

ክልተ ዶክተራት ዝስማዕመዕሉ እንተኾይኖም ናይ ቀረባ ቤተሰብኩም ሓለዋ ንኽግበረልኩም እውን መመልከቲ ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ እንተኾይኑ ብዛዕባ ሓለዋ እንታይነት ክንገረኩም እዩ።

## ፍቓድ ዘለዎ ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና በዓል ሞያ ንኽሪአኩም ናይ ምሕታት መሰል

ብዝኾነ ሓደ ሰብ ንኽእገድ ወይ ከዓ ሓለዋ ንኽግበረሉ መመልከቲ ዘቕርብ ብፍቃድ ዘለዎ ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና በዓል ሞያ (AMHP) እዩ። AMHP ማለት ሓደ ሰብ ክእገድ ድዩ ዘለዎስ ሓለዋ ክግበረሉ ዝውስን ብፍሉይ ዝሰልጠነ ሰብ ማለት እዩ።

ናይ ቀረባ ቤተሰብኩም ንናይ ከባቢኹም ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ሓላፊ ብምሕታት AMHP ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም፤ ብዛዕባ ክትእገዱ ድዩ ወይስ ሓለዋ ክግበረልኩም ዘለዎ ንምሕሳብ። AMHP ክትእገዱ ወይከዓ ሓለዋ ክግበረልኩም ከምዘየድሊ እንተወሲኑ ንምንታይ ከምዝኾነ ብጽሑፍ ንቀረባ ቤተሰብኩም ክነግርዎም ኣለዎም።

## መሰል ብዛዕባ እገዳኹም ወይከዓ ሓለዋንኹም ዝምልከት ንኽንገረኩም

AMHP ንግምገማ ክትእገዱ መመልከቲ እንተዳልዮም ብዛዕባ እቲ መመልከቲን መሰል ናይ ቀረባ ቤተሰብን ዝምከት ንቀረባ ቤተሰብኩም ንኽነግርዎም ዝከኣሎም ዘበለ ኩሉ ክገብሩ ኣለዎም። ግምገማ ማለት እንታይ ፀገም ከምዘለኩም ንምፍላጥን ን28 መዓልታት ዝኣክል ሕክምና ምሃብን ማለት እዩ። ናይ ቀረባ ቤተሰብኩም ን AMHP መመልከቲ ካብምድላው ክኽልክልዎም ኣይኽእሉን።

ሓደ AMHP ንሕክምና ክትእደጉ መመልከቲ ከቕርብ ይሓስብ እንተኾይኑ (ኣብ መጀመርታ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ) ግድን እንተ ኾይኑ መጀመርታ ንናይ ቀረባ ዘመድኹም ብዛዕባኡ ንምሕታት ዝከኣሎም ኩሉ ክገብሩ ኣለዎም። ሓደ AMHP ሓለዋ ንክግበረልኩም መመልከቲ ከቕርቡ ዝሓስቡ እንተኾይኖም እውን ነዚ ክገብሩ ኣለዎም።

ናይ ቀረባ ዘመድኩም ንሕክምና ንክትእሰሩ ወይ ከዓ ሓለዋ ክግበረልኩም እንተዘይደልዩ፣ንAMHP ወይ ነቲ AMHP ዝሰርሓሉ በዓል መዚ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብምንጋ መመልከቲ ምድላው ደው ከብል ምግባር ይከኣል።

AMHP ውሳነ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ዘይምኽንያታዊ እዩ ኢሉ እንተሓሲቡ ግን ኣብ ክንድኡ ካልእ ሰብ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ንክገብር ንቤት ፍርዲ እታ ሃገር ክሓቱ ይኽእሉ። እዚ ኣብ "ካልኦት ሰባት ናይ ቀረባ ዘመደይ ክቕይሩ ይኽእሉ ድዮም? "ዝብል 3ይ ክፋል ናይዚ ወረቀት ተገሊፁ ኣሎ። እንድሕር ንገምጋም ተኣጊድኩም ሃሊኹም እቶም ሰራሕተኛታት ድማ ኣብ ሆስፒታል ክትጸንሑ ከምዘለኩም እንተሓሲቦም ቤት ፍርዲ እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ክሳብ ዝውስን ኣብኡ ክትጸንሑ ትኽእሉ ኢኹም።

## ሓበሬታ ናይ ምሃብ መሰል

እንድሕር ኣብ ሆስፒታል ተኣጊድኩም ሃሊኹም፣ እቲ ሆስፒታል ንምንታይ ከምዝኾነን እንታይ መሰል ከምዘለኩምን ክነግረኩም ኣለዎ። ንኽይወሃብ እንተዘይሓተትኩም እቲ ሆስፒታል ነቲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ኽይትነግሮ እንተ ቅዳሕ እቲ ዚነግሩኹም ኽህብዎ ኣለዎ።

እዚ ኣብ ሆስፒታል ተኣጊድኩም ጸኒሕኩም ናብ ክትትል ዝግበረሉ ናይ ማሕበረሰብ ሕክምና እንተኽይድኹም እውን ይሰርሕ እዩ። ኣብ ክትትል ዝግበረሉ ማሕበረሰባዊ ሕክምና ምህላው ማለት፣ እቲ ናይ ክንክን ጉጅለኹም ካብ ሆስፒታል ምስ ወጻእኹም ጽቡቕ ንኽትጸንሑ ዝከኣሎ ክሕግዘኩም እዩ። ይኹን እንበር፣ ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ነቲ ዘድልየኩም ሕክምና ንምርካብ ናብ ሆስፒታል ክትምለሱ ትኽእሉ።

ኣብ ሓለዋ እንተሊኹም እቶም ናይ ማሕበረሰባዊ ኣገልግሎት ሰበስልጣን ስለ መሰልኩም ክነግርኹም ኣለዎም። ንኸይወሃቦም እንተዘይሓቲትኩም ናይ ማሕበረሰባዊ ኣገልግሎት ሰበስልጣን ናይቲ ዝነገርኹም ቅዳሕ ንናይ ቀረባ ዘመድኩም ክህብዎም እዮም።
ንልዕሊ ሸዱሽተ ወርሒ ሕክምና ክትረኽቡ እንድሕር ተኣሲርርኩም እሞ እቲ ኣብ ንሕክምናኹም ዝከታተል ሰብ (እቲ ጉዳይ ዝከታተሎ ዘሎ ክልኒክ) ንነዊሕ እዋን ኣብ ሆስፒታል ክትጸንሑ ከም ዘለኩም ኹይኑ እንተ ተሰሚዑዎ እቲ እገዳ በቢ ግዜ ክሕደስ ኣለዎ። ከምዚ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን እቲ ሆስፒታል ንከይነግር እንድሕር ዘየፍሊጥክምዎ ንናይ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክነግሮ ኣለዎ። እቲ ክትትል ዝገብር ክልኒሻን ነቲ ቁፅፅር ዝግበረሉ ማሕበረሰባዊ ሕክምናኹም እንተ ኣንዊሕዎ እውን ከምኡ እዩ፣ ስለዚ ንነዊሕ እዋን ኣብ ክትትል ዝግበረሉ ማሕበረሰባዊ ሕክምና ክትጸንሑ ኣለኩም።

ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ምፅናሕኩም እንድሕርደኣ ተናዊሑናይ ማሕበራዊ ሕክምና ኣገልግሎት ንናይ ቀረባ ዘመድኩም ክነግርዎም ኣለዎም፣ ንከይዛረቡ እንድሕር ዘይተናጊርክምዎም።

## ከም እትፋነው ናይ ምንጋር መሰል

ኣብ እገዳ ፀኒሕኩም ሐዚ እንድሕር ክትፋነው ኮይንኹም እቲ ክትትል ዝገብር ዝነበረ ጥዕና ጣብያ ንከይናገር እንድሕር ዘየፍሊጥክምዎ ንናይ ቀረባ ቤተሰብኩም ክነግሮም ኣለዎ። “ምፍናው” ማለት ካብ ሆስፒታል ምውፃእ ማለት እዩ። እዚ ካብ ክትትል ዝግበረሉ ማሕበረሰባዊ ሕክምና ኣብ ምፍናው እውን ይሰርሕ እዩ። ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክንገሮ እንተዘይደልዩ፣ ንናይ ኣካየድቲ ስራሕ እቲ ሆስፒታል ንከይንግሮም ክትሓቱ ትኽእሉ።

## ናይ ምፍናው መሰልኩም

ብናይ ቀረባ ዘመድኩም ወይ ብAMHP ዝቐረበ መመልከቲ እንድሕር ደኣ ኮይኑ ዝተኣሰርኩሙሉ፣ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ናብቶም ስራሕ መካየድቲ እቲ ሆስፒታል ጽሒፎም ክትወፁ ከም ዝደልዩኹም ክሕብሩልኩም ይኽእሉ።

ናይ ቀረባ ዘመድኩም ከምዚ እንተገይሩ፣ እቲ ዝከታተለኩም ሓኪም ምስወጻኹም ንባዕልኹም ወይ ንኻልኦት ሰባት ሓደጋ ክትከኮኑ ከም እትኽእሉ እንተዘይተናጊሩ፣ እቶም ናይ ስራሕ መካየድቲ እቲ ሆስፒታል ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ክትወጹ ክፈቕዱልኩም ኣለዎም።

ናይ ቀረባ ዘመድኩም እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ነቲ ክትትል ዝግበረሉ ማሕበረሰባዊ ሕክምናኹም ንኸብቅዕ ክገብር ይኽእል እዩ።

ብዛዕባ ናይ ቀረባ ዘመድኩም እንታይ ክገብሩ ከምዝኽእሉ ብዝርዝር ክንገረኩም እዩ። ወይ ከዓ ኣብ ክትትል ዝግበረሉ ናይ ማሕበረሰብ ሕክምና ክቅመጥ እዩ።

ኣብ ሓለዋ እንተሃሊኹም፣ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ናብ በዓል መዚ ማሕበራዊ ኣገልግሎትኩም ብምጽሓፍ ሓለዋ ከብቅዕ ይኽእል።

## ንኽትፋነው ናብ ቤት ፍርዲ ናይ ምሕታት መሰል

መብዛሕትኦም ዝተኣገዱ ሰባት፣ ንሓደ ናይ ውልቀ ፓነል - ዝበሃል ቤት ፍርዲ ክፋነዉ ኣለዎም ንኽብል ክሓቱ ይኽእሉ። ሰባት ነቲ ቤት ፍርዲ ክትትል ዝግበረሎም ማሕበረሰባዊ ኣተሓሕዛ ወይ ሓለዋ ከብቅዕ እውን ክሓቱ ይኽእሉ።

ብስሩዕ ናብ ቤት ፍርዲ እንተ ኣመልኪትኩም ን ቀረባ ዘመድኩ ክንገሮ እዩ።

ሓደ ሓደ ግዜ፣ ናይ ቀረባ ዘመድ እውን ንኸትፍተሑ ንቤት ፍርዲ ክሓትት ይኽእል። ብዝበለጸ፣ እንተተኣጊድኩም ወይ ኣብ ክትትል ዝግበረሉ ማሕበረሰባዊ ሕክምና ወይ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ እንተሃሊኹም ናይ ቀረባ ዘመድኩም እንታይ ክገብር ከምዝኽእል ብዝበለፀ ክንገረኩም እዩ።

## ናይ ውልቀ ተጣበቅቲ ንኽሪኢኹም ናይ ምሕታት መሰል

ናይ ቀረባ ዘመድክም ናይ ውልቀ ተጣባቒ ጥዕና ኣእምሮ ንኽርእየኩም ክሓትት መሰል ኣለዎ።  ይኹን እንበር፣ ነዚ ተጣባቒ ክትሪእዎ እንተዘይደሊኹም ግድን ኣይኮነን።

## ናይ ቀረባ ዘመድኩም መሰሎም ንኻሊእ ክህቡ ይኽእሉ ዶ?

ናይ ቀረባ ዘመድኩም ንኻልእ ክውክሉ ይኽእሉ እዮም። እዚ ማለት ድማ ነቲ ከም ናይ ቀረባ ዘመድኩም ኮይኖም ዝገብርዎ ዝነበሩ ነገራት ካልእ ሰብ ክገብሮ ኣለዎ ክብሉ ይኽእሉ እዮም።

ናይ ቀረባ ዘመድኩም ንኻልእ ሰብ ክውክሉ ኣብ ዝሓሰብሉ እዋን ብዛዕባኡ ዝገልጽ ነቲ ዝውከል ሰብ ብፅሑፍ ከፍልጥዎ ኣለዎም። ድሕሪ ግዜ፣ ናይ ቀረባ ዘመድኩም መሰሉ ክመልስ እንተደልዩ ነቲ ካልእ ሰብ እንደገና ብምጽሓፍ ከፍልጥ ኣለዎ።

ናይ ቀረባ ዘመድኩም ውክልና እንተገይሮም ወይ እንተልዒሎም ከፍልጡኹም ኣለዎም። ኣብ ሆስፒታል ወይ ኣብ ክትትል ዝግበረሉ ማሕበረሰባዊ ሕክምና እንተተኣጊድኩም ናብ መካየድቲ ስራሕ እቲ ሆስፒታልካ እውን ክጽሕፉ ኣለዎም። ኣብ ትሕቲ ሓለዋ እንተሃሊኹም ናብቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ በዓል መዚ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክጽሕፉ ኣለዎም (ሓላዊኹም በዓል መዚ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እንተዘይኮይኑ ድማ ናብ ሓላዊኹም እውን ክጽሕፉ ኣለዎም)።

ናይ ቀረባ ዘመድኩም ብዘይካ ሓደ ኣብዚ ወረቐት ዝተገልጸ መሰላት ኩሉ ክውክል ይኽእል እዩ። ብቤት ፍርዲ ኣብ ሆስፒታል ዝተኣገድኩም እንተኾንኹም – ወይ ካብ ቤት ማእሰርቲ ናብ ሆስፒታል እንተተሰጋጊርኩም – ናይ ቀረባ ዘመድኩም ንቤት ፍርዲ ክፈትሐኩም ናይ ምሕታት መሰሉ ክውክል ኣይኽእል።

## 3ይ ክፋል ሓድሽ ናይ ቀረባ ዘመድ ምርካብ

## ናይ ቀረባ ዘመድ እንተዘይሃልይኩም ከ?

ናይ ቀረባ ዘመድ እንተዘይሃልዩ ኩም ወይ ድማ ናይ ቀረባ ዘመድኩም መን ምዃኑ ክውስን ዝኽእል ሰብ እንተዘይሃልዩ ንቤት ፍርዲ እታ ሃገር ንሓደ ሰብ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክገብሮ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ገለ ካልኦት ሰባት እውን ንቤት ፍርዲ ነዚ ክገብር ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። እቶም ካልኦት ነዚ ክገብሩ ዝኽእሉ ሰባት ድማ፤

- AMHP፡
- ኣብ 1ይ ክፋል ናይዚ ወረቐት ኣብ ናይ ኣዝማድ ዝርዝር ዘሎ ሰብ፤ ከምኡ እውን
- ካልእ ምሳኹም ዝነብር ሰብ (ወይ ኣብ ሆስፒታል እንተሃሊኹም ቅድሚ ናብ ሆስፒታል ምእታውኩም ምሳኹም ዝነብር ዝነበረ)።

ቤት ፍርዲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም መን ክኸውን ኣለዎ ዝብል ትእዛዝ ክህብ ይኽእል እዩ። እዚ ቤት ፍርዲ ዝምጥን ዝበሎ ን ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን ዝኽእልን ዝሰማዕማዕን ሰብ ክኸውን ይኽእል። ግድን ካብቶም ኣብ 1ይ ክፋል ናይዚ ወረቐት ዘሎ ናይ ቤተሰብ ዝርዝር ሰብ ክኸውን የብሉን።

ቤት ፍርዲ ንሓደ ሰብ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክገብሮ እንተሓቲትክምዎ፣ መን ክኸውን ከምዘለዎ ንቤት ፍርዲ ክትነግርዎ ትኽእሉ ኢኹም። ካልእ ሰብ ንቤት ፍርዲ ናይ ቀረባ ዘመድ ክገብሮ እንትሓቲቱ፣ ናይ ቀረባ ዘመድኩም መን ክኸውን ከምዝኽእል ሓሳብ ክህብ ይኽእል። እቲ ሰብ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን እንተተሰማሚዑ ቤት ፍርዲ ድማ ክኸውን ይኽእል እዩ ኢሉ እንተሓሲቡ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኾን ኣለዎ ዝብል ትእዛዝ ክህብ እዩ። እንተዘይኮይኑ ቤት ፍርዲ ንኻልእ ዝምጥን ዝመስሎን ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን ዝሰማዕማዕን ሰብ ክመርጽ እዩ።

## ናይ ቀረባ ዘመድ ክቅይር ይኽእልዶ?

ናይ ቀረባ ዘመድኩም፣ ናይ ቀረባ ዘመድ ክኸውን ዘይጥዕም ኮይኑ እንተተራእዩኩም ንቤት ፍርዲ ናይቲ ኸባቢ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክቕይሮ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ብተወሳኺ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ነቲ ሕጊ ጥዕና ኣእምሮ ናይ ቀረባ ዘመድ ክገብሮ ዝኽእል ነገራት ክገብር ኣዝዩ እንተሓሚሙ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክቕይሮ ቤት ፍርዲ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ቀረባ ዘመድኩም፣ ናይ ቀረባ ዘመድ ምኻኑ ክቅጽል ከምዘለዎ መሲሉ እንተተሰሚዕዎ ንቤት ፍርዲ ከፍልጥ ዕድል ኣለዎ።

እቲ ቤት ፍርዲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ዘይጥዕም፣ ወይ ከዓ ኣዐርዩ ሓሚሙ እንተኾይኑ ካልእ ሰብ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን ኣለዎ ዝብል ትእዛዝ ክህብ እዩ።

ሓድሽ ናይ ቀረባ ዘመድኩም መን ክኸውን ከምዘለዎ ንቤት ፍርዲ ክትነግሮዎ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ሰብ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን እንተተሰማሚዑ ቤት ፍርዲ ድማ ክኸውን ይኽእል እዩ ኢሉ እንተሓሲቡ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኾን ኣለዎ ዝብል ትእዛዝ ክህብ እዩ። እንተዘይኮይኑ ቤት ፍርዲ ንኻልእ ዝምጥን ዝመስሎን ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን ዝሰማዕማዕን ሰብ ክመርጽ እዩ።

እቲ ሓድሽ ሰብ ቤት ፍርዲ ጽቡቅ ዝመስሎን ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን ዝሰማማዕን ክኸውን ይኽእል። ናይግድን ካብቶም ኣብ 1ይ ክፋል እዚ ወረቀት ዘሎ ናይ ኣዝማ ዝርዝር ውሽጢ ዘሎ ሰብ ክኸውን የብሉን።

## ካልኦት ሰባት ናይ ቀረባ ዘመድ ክቅይሩ ይኽእሉ ዶ?

ገለ ካልኦት ሰባት እውን ንቤት ፍርዲ እታ ሃገር ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክቕይር ክሓቱ ይኽእሉ። እቶም ካልኦት ነዚ ክገብሩ ዝኽእሉ ሰባት ድማ፤

- AMHP፥
- ኣብ 1ይ ክፋል ናይዚ ወረቐት ኣብ ናይ ኣዝማድ ዝርዝር ዘሎ ሰብ፤ ከምኡ እውን
- ካልእ ምሳኹም ዝነብር ሰብ (ወይ ኣብ ሆስፒታል እንተሃሊኹም ቅድሚ ናብ ሆስፒታል ምእታውኩም ምሳኹም ዝነብር ዝነበረ)።

ልክዕ ከማኹም፣ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ዘይጥዕሞ ወይ ድማ ኣዝዩ እንተሓሚሙ ኮይኑን ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን እንተዘይክኢሉን ነዚ ክገብር ቤት ፍርዲ ክሓትት ይኽእል።

ብተወሰኺ ንቤት ፍርዲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክቕይር ክሓቱ ይኽእሉ እዮም፣ እንድሕር፡

- ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክትእሰሩ ወይ ከዓ ሓለዋ ክግበረልኩም ምኽንያታዊ ብዘኾነ መንገዲ ፍቃድ ምሃብ እንተኣብዩ፣ ወይ ከዓ
- ናይ ቀረባ ዘመድኩም ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሌኹምም ወይ ኣብ ካልኦት ሰባት ዘስዕቦ ጽልዋ ብግቡእ ከይሓሰቡ፣ መሰሉ ተጠቒሙ ንኽፈትሓኩም ዝፅዕር እንተኾይኑ።

(እዚ ባዕልኹም እውን ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ንቡር ግን AMHP ወይ ካልእ ሰብ እዩ ዝገብሮ።)

## ከመይ ጌረ እየ ንቤት ፍርዲ ናይቲ ሃገር ንሓደ ሰብ ናይ ቀረባ ዘመደይ ክገብሮ ዝሓቶ?

ቤት ፍርዲ ናይታ ሃገር ናይ ቀረባ ዘመድኩም መን ክኸውን ከም ዘለዎ ክነግረኩም እንተደሊኹም “መመልከቲ” ዝበሃል ቅጥዒ ክትመልኡ ኣለኩም። ክትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም። ምናልባት ኣብዚ ንኽሕግዘኩም ንሓደ ጠበቓ ምሕታት ዝበለጸ ይኸውን። እቲ ጠበቓ ብመሰረት መደብ ሕጋዊ ሓገዝ ብነጻ ክትረኽቡ ትኽእሉ እንተኾይንኹም ክነግረኩም ይኽእል።

## ቤት ፍርዲ ንሓደ ሰብ ናይ ቀረባ ዘመደይ እንተገይርዎ እንታይ ይኸውን?

ቤት ፍርዲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክቕይሮ ትእዛዝ ዝህብ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል።

- ክትእገዱ ወይ ሓለዋ ክግበረልኩም ብዘይምኽንያት ተቓዊሙ፣ ወይ
- ኣብ ባዕልኹም ወይ ኣብ ካልኦት ሰባት ዝህልዎ ጽልዋ ከይሓሰበ መሰሉ ንዓኹም ንምፍታሕ እንተተጠቂመምሉ ወይ ክጥቀመሉ እንተሓሲቡ

እቲ ሓድሽ ሰብ ኣብ ሆስፒታል ክሳብ ዘለኹም ወይ ኣብ ክትትል ዝግበረሉ ማሕበረሰባዊ ሕክምና ወይ ከዓ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ክሳብ ዘለኹም ጥራይ እዩ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ዝኸውን። ኣብ ሆስፒታል እንተዘይተኣጊድኩም ወይ ኣብ ክትትል ዝግበረሉ ማሕበረሰባዊ ሕክምና ወይ ኣብ ትሕቲ ሓለዋ እንተዘየሊኹም እቲ ሓድሽ ሰብ ንሰለስተ ወርሒ ጥራይ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ይኸውን። ብድሕሪኡ ኣብ 1ይ ክፋል ናይዚ ወረቐት ዘሎ ሕግታት ናይ ቀረባ ዘመድኩም መን ምዃኑ መሊሱ ይሰርሕ። ከም ንቡር፣ እዚ ማለት እቲ ናይ ቀደም ናይ ቀረባ ዘመድኩም መሊሱ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን እዩ።

ኣብ ካልእ ጉዳያት፣ ቤት ፍርዲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም መን ክኸውን ከም ዘለዎ ዝገልጽ ትእዛዝ እንተሂቡ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክሳብ ክንደይ ክጸንሑ ከም ዘለዎም ክገልጽ ይኽእል። ሰዓት ምስኣኸለ፣ ኣብ 1ይ ክፋል እዚ ወረቐት ዘሎ ሕጊ መሊሱ ይሰርሕ።

እንተዘይኮይኑ፣ ቤት ፍርዲ መን ናይ ቀረባ ዘመድ ክኸውን ከምዘለዎ ዝገልፅ ትእዛዝ እንተሕሊፉ እቲ ናይ ቀረባ ቤተሰብ እንተ ሞይቱ ወይ ከዓ ፍቃደኛ እንተዘይኮይኑ እንበር ነቲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክቕይር ዝኽእል ቤት ፍርዲ ጥራሕ እዩ።

## ናይ ቀረባ ቤተሰበይ ደጊሙ ክቅየር ይኽእል ዶ?

እቲ ቤት ፍርዲ ናይ ቀረባ ዘመድኩም መን ክኸውን ከምዘለዎ ዝሕብር ትእዛዝ ክልውጥ(ክቅይር) ይኽእል እዩ።

እቲ ቤት ፍርዲ እዚ ክገብር ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ እውን

- AMHP፡
- እቲ ቤት ፍርዲ ናይ ቀረባ ቤተሰብ ክኸውን ኣለዎ ዝበሎ ሰብ፣ ከምኡ እውን
- (እቲ ሰብ እንተሞይቱ) ኣብ ናይዚ ወረቀት ዝርዝር ዘለው።

እቲ ቤት ፍርዲ ትእዛዙ ውድቂ ክገብሮ ይኽእል እዩ። እቲ ቤት ፍርዲ እዚ ክገብር ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ እውን

- እቲ ናይ ቀረባ ቤተሰብኩም ዝነበረ ሰብ፡
- ካልእ ሀዚ ኣብ 1ይ ክፋል ናይዚ ወረቐት ዘሎ ሕግታት ተግባራዊ እንትኸውን ናይ ቀረባ ዘመድኩም ክኸውን ዝኽእል ሰብ፤
- እቲ ቤት ፍርዲ ናይ ቀረባ ቤተሰብ ክኸውን ኣለዎ ዝበሎ ሰብ፣ ከምኡ እውን
- (እቲ ሰብ እንተሞይቱ) ኣብ ናይዚ ወረቀት ዝርዝር ዘለው።

እቲ ቤት ፍርዲ ትእዛዙ እንተብቂዑ፣ ኣብ 1ይ ኽፋል ናይዚ ወረቀት ዘሎ ናይ ቀረባ ቤተሰብ መን ክኸውን ከምዘለዎ ዝገልፅ ሕጊ ተግባራዊ ይኸውን።

ነቲ ናይዛ ሃገር ቤት ፍርዲ ትእዛዙ ከብቅዕ ወይ ክቅይር ክትሓቱ እንተደሊኹም፣ ቀጥዒ ክትመልኡ ኣለኩም፣ ክትከፍሉ እውን ትኽእሉ እኹም። ምናልባት ኣብዚ ንኽሕግዘኩም ንሓደ ጠበቓ ምሕታት ዝበለጸ ይኸውን። እቲ ጠበቓ ብመሰረት መደብ ሕጋዊ ሓገዝ ብነጻ ክትረኽቡ ትኽእሉ እንተኾይንኹም ክነግረኩም ይኽእል።

### ተወሳኺ ሓገዝን ሓበሬታን

ካልእ ኣብዚ ወረቀት ዘሎ ዘይተረደኣኩም ወይ ከዓ ብዛዕባኡ ክትሓትዎ እትደልዩ ነገር እንተልዩ ብኽብረትኩም ነዚ ወረቀት ዝሃበኩም ሰብ ወይከዓ ካልኦት ሰራሕተኛታት ሕተቱ።

ካልእ ቅዳሕ ናይዚ ወረቀት ንኻልእ ሰብ ትደልይዎ እንተኾይንኹም ብኽብረትኩም ሕተቱ።